ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ኣብ ናይ 2007 ዓ/ም በጀት ዓመት 3 ይ ዙር ዕዳጋ ዝተፈላለዩ ንብረት ብምድብ / LOT/ መቐሉ ማለት እዉን::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ የካቲት 4, 2007 (ልዕሊ 11 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 18, 2007 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:0
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:0
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጳጉሜን 5, 2005 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ፈርኒቸር/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ቐፅሪ

ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ኣብ ናይ 2007 ዓ/ም በጀት ዓመት 3 ይ ዙር ዕዳጋ ዝተፈላለዩ ንብረት ብምድብ / LOT/ መቐሉ ማለት እዉን:;

ምድብ - 1 /LOT -1 : - ናይ ፈርኒቸር ኣቐሑት ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ ስለዚ

1 በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ሓደ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል::

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ TIN ቐፅሪ ሰርተፊኬት ሓደ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል::

3 ንተወሳኪ እሴት ታክሲ ዝተመዝገበ VAT ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ ታሕሳስ 2007 ዓ/ም VAT ድክላሬሽን ሓደ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል:;

4 በቲ ዘርፊ ናይ መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምኻኑ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ምስኽር ወረቐት ዋንኡን ሓደ ኮፒን ከቅርብ ዝኽእል::

5 ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳደደሪ ዝሰዓሮ ንብረት ዉዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ እቲ ዝተሐተተ ፈርኒቸር ኣቐሑት ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ ናብ ቢሮና ስቶር ክፍሊ በቲ ዝተሓተተ ፅሬትን መጠንን ከቅርብ ዝኽእል::

6 ናይ መወዳደሪ ደኩሜንተ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ናይቲ ትካል ሽምን ኣድራሻን ማህተምን ፌርማን ዘለዎ ክኸዉን ይግባእ::

7 ተጫረቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምረሒ ጨረታን ሰነድነ ጨረታን ምድብ- 1ን / LOT -1 / ንዘለዉ ዝርዝር ንብረታት :: ንሕድሕድ ሰነድ ዘይምለስ ብር 30. 00 /ሰላሳ ብር/ ጥራሕ እናኸፈለ ካበ ቢሮና ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ፍትሒ ክልል ትገራይ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን ቢሮ ቐፅሪ 317 ካብ 04 /06 /2007 ዓ/ም ክሳብ 18/ 06/2007 ዓዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዚያት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ሰነድ ጨረታ ገዚኡ ክወዳደር ይክእል::

8 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ዉሕስና መክበሪ ንሕድሕድ ሰነድ ጨረታ ብር 3. 500. 00 /ሰለስተ ሽሕ ሓሙሽተ ሚኢትን ብር / ጥራሕ ብሸም ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ /Bureau of Justice/ ብ CPO ወይ ብስቲፋይድ ቼክ ዉይ ድማ ብጥረ ገንዝብ ናብ ዝተዳለወ ናይ ቢሮና ጨረታ ሳንዱቅ ወይ ድማ ጨረታ ቅደሚ ምክፋቱ ከቅርብ ዝኽእል::
9 እቲ ጨረታ ዕለት 18 /06 /2007 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 8:00 ድ /ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 8:30 ድ /ሰዓት ኣብ ቢሮ ፍትሒ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ክልል ትገራይ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 317 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣበ ዘለዉሉ ይኽፈት::

10 ቢሮና ነቲ ጨረታ ዝሐሸ መማረፂ እነተረኪቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ::

11 እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ቢሮና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት መጠን ክሳብ 20 % ክቅንስ ክዉስክ ይክእል እዩ::

12 ሰዓራይ እቲ ዘቕርቦ ንብረት ብበዓል ሞያ ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምስተረጋገፀ ጥራሕ ኣታዊ ይኸዉን::

13 ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቴሌፎን ቁፅሪ 0344408714 ደዊልካ ምሕታት ዝከኣል ምኻኑ ንሕብር::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle